ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሰ-ባይቶ
ቤት ጽሕፈት ኣቦ-መንበር

جبهة التحريرالإرترية-المجلس الثوري
مكتب الرئيس

ERITREAN LIBERATION FRONT / ELF-RC
CHAIRMAN OFFICE

# ኣገዳሲ መግለጺ/ 26-11-2004

መንግስቲ ኢትዮጵያ፣ ንብይን ኮሚስዮን ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ብምምልካት፣ ብመትከል ከምእተቐበሎ ብምርግጋጽ ኣብ 25 ሕዳር 2004 ዘጽደቖ ውሳኔ፣ ንህዝቢ ኤርትራን ኢትዮጵያን ከምኡውን ንካልኦት ህዝብታት ዞና፣ ጽቡቕ ዜና ኮይኑ ምምጻኡ፣ ንሕና ኣብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ-ሰውራዊ ባይቶ፣ ኣርሒብና ኢና እንቀባበሎ። እዚ፣ ዕቱብን ተግባራውን ኪኸውን ተስፋ ዝግበረሉ ውሳኔ፣ ብርግጽ ነቲ ንነዊሕ ግዝያት ንጸጥታውን ፖሊቲካውን ሃዋሁው ናይዚ ዞና ኣጐዲፉ ዝጸንሐ ናይ ጉንጺ ምሕዳስ ምናልባታትን ዘልዕሎ ስግኣታትን፣ ሻቕላታትን ንምልጋስ ኪሕግዝ ተስፋ ኪንበረሉ ኸኣ ግድን ኢዩ።

ብወገን ኢትዮጵያ እዚ ኣዎንታዊ መርገጽዚ ምቕልቃሉ፣ ነቲ ዲክታቶርያዊ ገዛኢ ኤርትራ፣ ንጕዳይ ደጋዊ ሓደጋን፣ ናይ ውግእ ኩነታትን ጀሆ ጌሩ ንህዝቢ ንምሓዝን ንምህውታትን ከምኡ ኢሉ ክግልገለሉ ዝጸንሐ ምኽኒታትን ምስምሳትን ደጊም ኘኽይግልገለሉ ዕድል ዝዓጹ ኪኸውን ከምዝኽእል ንርኢ። እዚ ሓድሽ መርገጽዚ፣ ነቲ ብመንጽር ዝነበረ ነጻጊ መርገጽ ኢትዮጵያ ንጨቛኒ ገዛኢ ኤርትራ ሰፊሑሉ ዝጸንሐ ተመዝማዚ ቦታ ከምዘዓጽዎ እውን ንርኢ። ልዕሊ ኹሉ እንከ፣ ኩሉ ምስ መሬትን ሰላምን ዝተኣሳሰረ ጕዳያት፣ ኣብ ክሊ ሕሳባት ስልጣን ናይ ዲክታቶርያዊ ገዛኢ ዝርአ ቅድሚ ምዃኑ፣ ብቐንዱ ንህዝቢ ዘገድሶ መሰረታዊ ጕዳይ ምዃኑን፣ ድሕሪ ውድቀት ጨቛኒ ስርዓት እውን ጕዳይ ህዝቢ ኮይኑ ከምዝነብር መንግስቲ ኢትዮጵያ ግቡእ ኣገንዝቦ ከምዝበጽሐ ዘርኢ ኢዩ።

ብኻልእ ወገኑ፣ ኢትዮጵያ ንብይን ናይ ዶብ ኮሚስዮን ምቕባላ፣ ብዝያዳ ከኣ ኣብ ግብሪ ኣብ ምፍጻሙ ኣብ እትበጽሓሉ ደረጃ፣ ኣብ ኢትዮ-ኤርትራዊ ዝምድናታት ብጠቕላላ ተኣታትዩ ካብ ዝጸንሐ ኣሉታዊ ባእታታት ሓደ፣ ካብ መደረኽ ስለ ዘልግስ፣ ኣብ መንጎ ኢትዮጵያን ኣውራ ፈለግ ተቓውሞ ኤርትራን ዝምድናታት ኣብ ምምሕያሽ ሓጋዚ ተራ ኪህሉዎ ምዃኑ ንርኢ። ንምንታይ፣ ብይን ኮሚስዮን ዶብ ምንጻግ፣ ኣብ ልዕሊ መድረኽ ኣሉታዊ ጽላሎቱ ብምዝርጋሕ፣ ንዕቱብ ናይ ምርድዳእ ፈተነታት ኵልፈት ኮይኑ፣ ንምትእምማን እናፈሓቘን፣ ናይ ምድልዳሉ ኣኽእሎታት እናጽበቦን ምምጻኡ ርኡይ ስለ ዝጸንሐ።

ብዘይካዚ፣ እዚ ምስ ምፍታሕ ዶባዊ ጉንጺ ንኽዕጾ ቀሪቡ ዘሎ ዝመስል ሕማቕ ምዕራፍ ናይ ኢትዮ-ኤርትራ ዝምድና፣ መድረኽ ንዲሞክራስያዊ ተጋድሎ ህዝቢ ኤርትራ ዝግደፈሉ ዕድል ብምስፋሕ፣ ህዝብና ኣብ ሃገሩ መሰረታዊ ናይ ስርዓት ለውጢ ምስ ምርግጋጹ፣ ኣብ መንጎ ክልቲኡ ህዝብታት ኰነ ኣብ ህዝብታት ዞና ነባሪ ሰላም ንዝጠልቦ ውሕስነታት ኣስተዋጽኦኡ ኪገብር ዘኽእሎ ኵነታት ንምፍጣር ዝሕግዝ ኪኸውን ንትስፎ።

ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ-ሰውራዊ ባይቶ፣ ከምዝኣምኖ፣ ኣብ ትሕቲ ኣህጕራዊ ጽላል ንዝተበጽሐ ናይ ዶብ ምሕንጻጽ ውሳኔ ምምእዛዝ ከይዱ-ከይዱ ሕቶ መኸሰብን ክሳራን መሬት ካብ ምዃኑ ንላዕሊ ናይ ሰላምን ናይ መጻኢ ወለዶታት ዕድልን ሓላፍነት ናይ ምስካም ጕዳይ ኢዩ።

ምእንትዚ፣ ውድብና፣ ኣብዚ መትከላዊ መዐቀኒ ብምምርኳስ፣ ነቲ ንነዊሕ ግዜ ዝጨበጦ ሓቂ፣ ማለት ናይ ዶብ ምስሕሓብ ብሰላማውን ብሕጋውን መንገድታት ጥራሕ ኢዩ ነባሪ ፍታሕ ኪረክብ ዝኽእልን ዝግባእን ዝብል እምንቶኡ ብምዕዛዝ፣ ነቲ እምብዛ ዘንጊዑ ዝመጸ፣ ግንከ ሓላፍነታዊ ዝኾነ፣ ንብይን ዶብ ኮሚስዮን ዝተቐበለ ናይ ኢትዮጵያ መንግስትን ባይቶን ውሳኔ፣ ናይ ሰላም ምርጫ ስለ ዝኾነ፣ ብኽስተት ደጊሙ ሓንጐፋይ ይብሎ። በዚ ኣጋጣሚ ኸኣ፣ ንኩሉ እቲ ተጸፍጺፉ ዝጸንሐን ዘሎን ዘየድሊ፣ ዘይሓጋዚ ዘይመሰረታዊ ምድንጓይ ጥራይ ከስዕብ ዝኽእል ቅድመ-ኵነታትን መለቀብታታትን፣ ክልቲኡ ወገናት ውዱቕ ኘኽገብሮ፣ ቀያድን ደምዳምን ንዝኾነ ብይን ንምፍጻም ዘቀላጥፍን ዘሰላስልን፣ ማለት ንሰላም ንዝቀባበል ኣዎንታዊ ሃዋሁው፣ ብዘየዳዲ ደረጃ ዕድል ኪህብን ነማሕጽን።

ኢትዮጵያ ነዚ ብመትከል ተቐቢልናዮ ዝተባህለ ውሳኔዚ ብምልኣት ክሳዕ ናይ ምትግባሩ ጽፍሒ ክብ ኣብ እትብለሉ እዋን፣ ኣብ ቦታውን ዞናውን ዓወድታት ኣብ መስርሕ ኣብ ዘሎ ናይ ሕውየትን ሰላምን ጸዓታት ዓብን ሃናጽን ተራ ከተበርክት ዘብቅዓ ጥጡሕ ቦታን ኵነትን ከምዘትሕዛ ርዱእ ኢዩ። ምስዚ ብምትሕሓዝ፣ ኣብዚ ታሪኻዊ ዝኾነ መድረኽዚ፣ ጨቛኒ ገዛኢ ኤርትራ ኣብ መደምደምታ መዋእሉ ኣብ ዝርከበሉ ግዝያት፣ ኘኹሉቲ ንዘይቅዱስ ዕላማን ንጸቢብ ናይ ስልጣን ኣጀንዳን ዝግልገለሉ ቀደም እተበለለ ከንቱ ተግባራት ከቋርጾን፣ ብናይ ዶብ ብይን ተመኾልዩ ምምዝማዝ ገዲፉ፣ ንትግባሬ ብይን ከሰላስል ኣብ ዝኽእል ዕቱብን ሃናጽን ዝርርብ ኪጽመድ ዝሕተተሉ ሰዓት ምዃኑ ጕሊሁ መጺኡ እንሆ። እዚ መንገዲ እዚ ጥራይ ከኣ ኢዩ ኣሕዋት ዝኾኑ ህዝብታትና ንነዊሕ እዋን ዝብሃጉዎን ክበጽሑዎ ዝግብኦምን ናይ ሰላም ዕድል ክኽሰት ዝከኣል።

ሥዩም ዑ/ሚካኤል
ኣቦ-መንበር ፈጻሚ ሽማግለ